# ናይ ዑቁባ ምሕታት መምርሒ

The Law Society

እዚ ጽሑፍ ክቐርብ እንከሎ ቅድም ብኢሚግረሽንን ዜግነትን ዳይረክተረይት (Immigration and Nationality Directorate) (IND) ዝፍለጥ ዝነበረ ብሓደሽ ሽም ዶብን ኢሚግርሽንን ኤይጀንሲ (ዶ.ኢ.ኤ.) ዝብሃል Border and Immigration Agency (BIA) ተተኪኡ ብዛዕባ ዝኾነ ምሕታት ዑቁባ ሓላፍነት ለቢሱ ኣገልግሎቱ ይጅምር ኣሎ።

## ብቕልጡፍ ምኽሪ ምሕታት

ሕጊ ምሕታት ዑቊባ ብዙሕ ሕልኽልኽ አለዎ።ስለዚ ጉዳይካ/ኪ ጽቡቅ ክሰናዶ ዝሓሸ ሕጋዊ ምኽሪ ምርካብ ኣድላዩ ኢዩ። ንዕቊባኻ/ኺ ዘድግፍ ኣገዳሲ መርትዖ ንምቅራብ ሓጺር ቀጸራ ስለዝውሃብ ብቕልጡፍ ጠበቃ ሕተት/ቲ።

## ኣብ ኢንግላንድን ወይልስን ብከመይ ጠበቓ ከምዝርከብ

ብዛዕባ ናይ ኢሚግረሽን ምሕታት ዑቊባ ጠበቃ እንተድለየ

- ብመርበብ ኢንተርነት www.lawsociety.org.uk/findasolicitor ኣብ ትሕቲ ኢሚግረሽን ‘immigration’ ብምፍታሽ ወይ ከዓ
- ብስልኪ 0870 606 2555 ተወከሱ።

## ጠበቓ ክፈልጦ ዘለዎ

ኣብዚ ታሕቲ ተጠቂሱ ዘሎ ሓበረታ ንጠበቃኻ/ኺ ክትሕብር/ሪ የድሊ።

- ካብ ትውልዲ ሃገርካ/ኪ መኣስ ከምዝወጻእካ/ኪን ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ከኣ መኣስ ከምዝኣቶኻ/ኪ፤
- ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ብከመይን በየናይ መንገዲ ከምዝአቶኻ/ኺ፤
- ካብ ትውልዲ ሃገርካ/ኪ መወጽኢ ምኽንያት፤
- አብ ትውልዲ ሃገርካ/ኪ ምምላስ ትፈርህ/ሂዶ? ስለምንታይ?
- ኩነታት ስድራ ቤትካ/ኪ፤
- እንታይ ዓይነት ወረቀት ወይ መረጋገጺ ን(ዶ. ኢ. ኤ)/ (BIA) ሂብካ/ኪ?
- ዝኾነ ተመሊኡ ክምለስ ብ(ዶ. ኢ. ኤ)/ (BIA) ዝተዋህበ ወረቓቕቲ (ሰነዳት) እንተሎ፤ ተመሊኡ ዝምለስ እንተኾይኑ መኣስ ክምለስ ኣለዎ?

## ጠበቓ ብከመይ ከምዝሕግዝ

ጠበቃኻ/ኺ

- ናይ ዑቁባ መሕተቲ ኦርኒክ ንምምላእ ክተሓባበር ይኽእል።
- ዕላዊ ቃለ መግለጺ ንምጽሓፍ ይተሓባበር።
- ናይ ዑቁባ መሕተቲ ጉዳይ ሚዛን ክንደይ ከምዝኾነ ይሕብር።
- ኣብ ቀይዲ እንተሎኻ/ኺ ንምውጻእ ክሓትት ይኽእል።
- ይግባይ እንተ ኢልኪ/ካ ጉዳይካ/ኪ ከቅርበልካ/ኪን ክውክልን ይኽእል።
- ጉዳይካ/ኪ ኣብ መጻኢ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ምኽሪ ክህብ ይኽእል።
- ምስ ጉዳይካ/ኪ ዝዛመድ ዝኾነ ተወሳኺ ሓበረታ ዝገልጽ ናይ ሕክምና ሪፖርት ወይ ኩነታት ትውልዲ ሃገር ዝገልጽ ናይ ክኢላ (ሰብ ሙያ) ሪፖርት ንምርካብ ይተሓባበር።

## ክፍሊት ንጠበቓ

ዑቊባ ሓቲትካ/ኪ ንጠበቃ ክትከፍል ዓቕሚ እንተዘይብልካ/ኪ ምናልባት ነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ይግብኣካ/ኪ ይኸውን። እዚ ነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ሕጋዊ ሓገዝ ተባሂሉ ይፍለጥ። ብዛዕባ እዚ ጠበቃኻ/ኺ ብሰፊሑ ክገልጾ ይኽእል። ናይዚ ሕጊ እንታይነትን ብከመይ መገዲ ክተሓባበረካ ከምዝኽእል ክገልጸልካ/ኪ ይኽእል።ነጻ ሕጋዊ ሓገዝ ዘይግብኣካ/ኪ እንተኾይኑ ጠበቃ ምናልባት ክንደይ ገንዘብ ከምዘኽፍለካ/ኪ ክሕብረካ/ኪ ይኽእል።

## ዑቁባ ምሕታት

ከም ስደተኛ ተቅርቦ ዘሎኻ ምኽንያት ክትእመን/ኒ ብሰንኪ ዓሌት፤ ሃይማኖት፤ ዜግነት፤ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፤ ወይ ናይ ሓደ ማህበራዊ ጉጅለ ኣባል ብምዃን፤ ብሓቂ ስግኣት ወይ ፍርሒ፤ ግፍዒ እንተሎካ/ኪ ከተርኢ/እዪ ናይ ግድን ኢዩ። ብተወሳኺ መንግስትኻ/ኺ ክሕልወካ/ኪ እንተዘይኽአለ ወይ እንተዘይደለየ ዑቊባ ይሕተት።

ዑቊባ ክትሓትት/ቲ እንከለኻ/ኺ ብዘይካ ናይ ዑቊባ ምኽንያት ብሰብኣዊ መሰላት እውን ኣብዚ ሃገር ክትነብር ክሕተት ይክእል። ኣብ ትውልዲ ሃገርካ እንተተመሊስካ ኢሰብኣዊ ዝኾነ ግፍዕን ውርደትን ክገጥመካ/ኪ ዝኽእል እንተኾይኑ፤ ናይ ሰብኣዊ መሰል ሓልዮት ክግበረልካ/ኪ ዑቊባ ክትሓትት ይክኣል።

ብሰብኣዊ ሕጊ መሰረት ኣብዚ ሃገር ብዘይካ ናይ ዑቊባ (ኣሳይለም) ብካልእ ምኽንያታት ክትነብር ፍቓድ ክህልወካ/ኪ ይኽእል። ጠበቃኻ/ኺ ብምኽንያት ዑቊባ ወይ ብሰብኣዊ ሓልዮት መሰል ወይ ብካልእ ፍቓድ ኣብዚ ሃገር ንምጽናሕ ናይ ምዕዋት ዕድል ጠበቃኻ/ኺ ይሕብረካ/ኪ።

## ናይ መጀመርያ ሕቶን መልስን ምጽርራይ ቃለ መጠይቅ screening interview

ኣብ ዝቀለጠፈ ተቀባልነት ዘለዎ እዋን ዑቊባ ክትሓትት/ቲ አሎካ/ኪ።: ኣብ ዝቀልጠፈ እዋን ዑቁባ ትሓትሉ ነቑጣ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ወይ ኣብ ነቊጣ ወደብ ኢዩ:: ኣብ ውሽጢ ሃገር ምስ ኣቶኻ/ኺ ዑቊባ ትሓትት እንተኹንካ/ኪ ግን ኣብ ናይ ፈለማ መጻረዪ ዑቊባ (ኣይ ኤስ ዩ) ኣብ ክሮይዶን ወይ ሊቨርፑል ትሓትት/ቲ። ዑቊባ ኣብ ዝሓተትካሉ/ክሉ መዓልቲ ወይ ካልእ መዓልቲ ስክሪኒን ክትገብር/ሪ ትኽእል/ሊ። ኣብዚ ቢያ ግላዊ ዝርዝርካ/ክን ብከመይ መገዲ ኣብዚ ሃገር ከምዝቶኻ/ኺ ክትሕተት/ቲ ኢኻ/ኺ። ስእልን ናይ ኣጻብዕ ኣሰርን ተወሲዱ ዑቊባ ከምዝሓተካ/ኪ መረጋገጺ እርክ ካርድ Application Registration Card (ARC) ይውሃበካ/ኪ።

ድሕሪ እዚ ቢያ ብከመይ መገዲ ከምዝቅጽል (ክካየድ) ናቱ መምርሒ ኣለዎ።

ቃለ መጠይቅ ኣብ ትገብረሉ/ርሉ መዓልቲ ሕጋዊ ፓስፖርት ወይ ካልእ ዝኾነ መንነትካ ዝገልጽ ከተቀርብ/ቢ ኣሎካ/ኪ። ቅቡል መንነት ዝገልጽ እንተዘይብልካ/ኪ ግን ብቅልጡፍ ካብ ጠበቃ/ኺ ምኽሪ ሕተት/ቲ።

## ሓዲሽ ሞዴል ምሕታት ዑቊባ (ናም) New Asylum Model (NAM)

ኣብዚ እዋን እዚ ጉዳይካ/ኪ ምናልባት ብመስርሕ ናም New Asylum Model (NAM) ክቅጽል ይኸውን። ጉዳይካ/ኪ ብመስርሕ ናም ዝካየድ እንተኾይኑ ናይ ሆም ኦፊስ ሰራሕተኛ “ከይዝ ኦውነር” case owner’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ድሕሪ 4 መዓልቲ ዑቊባ ምሕታት ጉዳይካ/ኪ ሒዙ ዘሎ በዓል መዚ ስለዝኾነ ምስኡ/ኣ ትራኸብ/ቢ። እዚ ሰራሕተኛ ሆም ኦፊስ ብብምልኡ ኣብ ኩሉ ድረጃ መስርሕ ናይዚ ጉዳይካ/ኪ ካብ ፈለማ ክሳብ መወዳእታ ብይን ሓላፍነት ኣለዎ። ብዛዕባ ዑቊባኻ/ኺ ክሓተካ/ኪ ይግባይ ምስ ተባህለ እውን ናይ መንበሪኻን/ኽን ከካይድን ከምኡ ናይ ጽቡቅ ኩነታትካ/ኪ ደገፍ ዝተሓባበረካ/ኪ፤ ብዝሓተትካዮ/ክዮ ጉዳይ እንድሕሪ ተዓዊትካ/ኪ ኣብዚ ዓዲ ክትነብር/ሪ ፍቓድ ዝህበካን ኣብዚ ሕብረተሰብ ብዝከኣል መጠን ኣቲኻ/ኺ ናብራኻ/ኺ ክትቅጽል/ኺ ይተሓባበር። ኣጋጣሚ ብዝሓተትካዮ/ክዮ እንድሕሪ ዘይተዓዊትካ/ኪ ግን “ ከይስ ኦውነር” ካብ ሃገረ እንግሊዝ ብድልየትካ/ኪ ወይ ሓይሊ ክትምለስ/ሲ (ጥርዝያ) ስጉምቲ ይወስድ።

## ናይ ቃለ መጠይቅ ኦርኒክ (ሰፍ)

ብዶ.ኢ.ኤ. / (BIA) ክምላእ ዘለዎ ናይ ቃለመጠይቅ (ሰፍ) ይህበካ/ኪ።እዚ ሰፍ ብቋንቋ እንግሊዝ፤ ኩሉ ሕቶታት ተመሊኡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ክምለስ ናይ ግድን ኢዩ።

ነዚ ሰፍ ንምምላእ ክሕግዘካ/ኪ ንጠበቃካ/ኺ ሕተት/ቲ። ናይ ሰፍ ኦርኒክ ንዝኾነ ሰብ ኣይኮነን ዝውሃብ። ኣብ ገሊኡ እዋን ኣብቲ ፈለማ እዋን መጽረዪ ዑቊባ ዝተዋህበ ሓበረታ መሰረት ቢያ (BIA) ናቱ ወሳኔ ክወስድ ይኽእል ኢዩ::

## ናይ ዑቊባ ቃለ መጠይቅ

ድሕሪ ስክሪኒን፤ ስለምንታይ ዑቊባ ከምትሓትት/ቲ ንውሕ ዝበለ ጊዜ ምናልባት ክትሕተት/ቲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ኣብዚ እዋን እዚ ብዝከኣለካ/ኪ መጠን ንኣብነት ናይ ሕክምና መርትዖ ወይ ናይ ሰብ ሙያ ሪፖርት ሓበረታ እንተሎካ/ኪ ከተቅርብ/ቢ ትኽእል/ሊ።እዚ ቃለ መጠይቅ እዚ ኣገዳሲ ኢዩ። ከመይ ዶ.ኢ.ኤ. / (BIA) (BIA) በቲ ንስኻ/ኺ ዝሃብካዮም/ክዮ ሓበረታ መሰረት ኢዩ ውሳኔ ዝህብ። ናይ ሰፍ ኦርኒክ መሊእካ ሰዲድካ/ኪ እንተኹንካ ኣብ መዓልቲ ቃለ መጠይቅ ሽው ትህቦ/ቢ መልስን ምስቲ ኣብ ሰፍ ዝሃብካዮን/ክዮን ይነጻጸር። እዚ ቃለ መጠይቅ ኣገዳሲ ኢዩ። ንሕጋዊ ውክልና ዝኽፍል ገንዘብ እውን ኣይሃሉ፤ ጠበቃ ምሳኻ ክህሉ ክትሓቶ/ትዮ ትኽእል/ሊ።ኣጋጣሚ ጠበቃኻ ምሳኻ/ኺ ዘይከይድ እንተኾይኑ ቃለ መጠይቅ ብቴፕ ክቅረጽ ክሕተት ይክኣል።

# ናይ ዑቑባ ምሕታት መምርሒ

The Law Society

## ቀይዲ

ድሕሪ ዑቐባ ምሕታት ኣብ ዝኾነ እዋን ክትቀየድ (ክትእሰር/ሪ) ትኽእል/ሊ። ክትእሰር እንከሎኻ/ኺ ቢያ ስለምንታይ ትእሰር/ሪ ከምዘሎኻ/ኺ ምኽንያት ይሕብር። ምስ ተኣሰርካ/ኪ ብቅልጡፍ ክትፍታሕ ሕቶ ከተቅርብ/ቢ ምስ ጠበቓኻ/ኺ ተረዳዳእ/ኢ።

ኣብ ክንዲ ማእሰርቲ ክትሕለኽ (ታግድ ክትከውን) ትኽእል ኢኻ/ኺ። እዚ ማለት ኩሉ ምንቅስካ/ኪ ብኤሎክትሮኒክ መሳሪሒ ክትቈጻጸር ማለት ኢዩ።ወይ ኣብ ሪፖርቲንግ ሰንተር (Reporting Centre) ክትመላለስ ትሕተት/ቲ።:

ንጠበቓኻን ንዶ.ኢ..ኤ. / (BIA) ኩሉ ጊዜ ምሳኻ/ኺ ክራኸቡሉ ዝኽእሉሉ መንገዲ ክትሕብሮም ኣድላዩ ኢዩ።

## ይግባይ ምባል

ብዝሓተትካዮ/ክዮ ዑቐባ መሰረት እንተ ተነጺግካ/ኪ ብቀጥታ ከመይ ገርካ/ኪ ይግባይ ከምትብሊ ክተሓባበረካ ሓጺር ውሱን ጊዜ ስለዝውሃብ ብቅልጡፍ ምስ ጥበቓኻ ተዛረብ/ቢ።።። ኣብ ገሊኡ እዋን ካብ ሃገረ እንግሊዝ ምስ ወጻእካ/ኪ ኣብ ዝተመለስካሉ ሃገር ኰንካ/ኪ ኢዩ ይግባይ ዝብሃል። ጠበቓኻ/ኺ ጉዳይካ/ኪ ቀሪቡ ክውክል ይኽእል። ኣብዚ ናይ ነጻ ሕጋዊ ሓገዝ ገንዘብ ፍሉይ ኦርኒክ ኣሎ።።።

እዚ ሕጋዊ ሓገዝ እብ ትሕቲ ምቍጽጻር (ኮንትሮልድ ሊጋል ረፕረሰንተሽን) Controlled Legal Representation ዝብሃል ሕጋዊ ሓገዝ ክትሓተት/ቲ መሰል ኣሎካ/ኪ። ብዛዕባ እዚ ጠበቓካ ክገልጸልካ/ኪ ኢዩ። ነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ዘይግባካ/ኪ እንተኾይኑ ግን ክንደይ ገንዘብ ከምትኽፍል/ሊ ይንገረካ/ኪ።

## ገንዘብን መንበሪ ገዛን

ባዕልኻ/ኺ ክትከፍል/ሊ ዘይትኽእል/ሊ እንተኾንካ/ኪ ንብያ (BIA) ናይ ዑቐባ ደገፍ ይሕተት። እዚ ናይ ናስ ደገፍ ተባሂሉ ይጽዋዕ ነሩ። ገንዘብ ወይ ግዚያዊ መንበሪ ክውሃበካ ይኽእል። ኣብ ውሽጢ ሃገር ናብ ዝኾነ ቦታ ትምደብ/ቢ ትኽእል። ጠበቓኻ እንታይ ዓይነት ሓገዝ መሰል ከምዘሎካ ጠበቓኻ ክሕብረካ/ኪ።

## ብቅልጡፍ ዝርኤ ጉዳይ (ፋስት ትራክ)

ዶ.ኢ..ኤ. / (BIA) ጉዳይካ ብቅልጡፍ ክውዳእ ይክኣል ኢዩ ዝብል እምነት እንተለዎ ብቅልጡፍ ዝርኤ ጉዳይ (ፋስት ትራክ) ዝብሃል መስርሕ ተጠቂሙ ብቅልጡፍ ይውስን።።። ጉዳይካ/ኪ ብቅልጡፍ ተራእዩ ምናልባት ክትእሰር እውን ትኽእል/ሊ። ጉድይካኪ ብፋስት ትራክ ክርኤ እንተኾይኑ ቀልጢፍካ ምስ ጠበቓኻ ተራኺብካ/ኪ ክትዛረብ ዝሓሸ ኢዩ።

## ጥርዝያ ካብ ሃገረ እንግሊዝ

ዕቍባኻ/ኺ እንድሕሪ ተነጺጉ ካብ ሃገረ እንግሊዝ ክትወጽእ/ክትወጺ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ናይ ቦርድ ኣንድ ኢሚግርሽን ኣኤጀንሲ ብሓይሊ ክጥርዙኻ/ኺ ይኽእሉ። መታን ክጥርዙኻ/ኺ ክአስሩኻ/ኺ ይኽእሉ።ስለዚ ድሕሪ ዑቐባኻ እንድሕሪ ተነጺጉ ብቅልጡፍ ምስ ጠበቃኻ/ኺ ተራኸብ/ቢ። መታን ክጥረዝ/ዚ ናይ መጓዓዓዝያ ሰነድ (ትራቨል ዶኩመንት) ከተውጽእ ምስ ምንግስቲ እንተዘይተሓባቢርካ/ኪ ወንጀል ኢዩ ዝቍጸር።

## ኣብ ስኮታላንድ ጠበቓ ብከመይ ከምዝርከብ

እዚ ብናይ ኢንግላንድን ወይልስን ሎው ሶሳየቲ ዝቀረበ ጽሑፍ ኢዩ። ኣብ ስኮትላንድ ጠበቃ እንተደለኹም

- ኣብ ናይ ስኮታልንድ ሎው ሶሳየቲ በዚ ስልኪ 0131 226 7411 ወይ ከዓ
- www.lawscot.org.uk ብመርበብ ኢንተርነት ኣቢልኩም ተወከሱ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

እዚ ካብ ቀጻሊ ጽሑፋት ሕጋዊ ኣገልግሎት ጠበቃታት ዝህብዎ ዝሓዘለ ሓደ ጽሑፍ ኢዩ። ካልእ ቀጻሊ ጽሑፋት ኣብዚ ታሕቲ ተዘርዚሮም ይርከቡ። እዚ ጽሑፋት ካብ ጠበቃ ወይ ካብ ሎው ሳየቲ ኦፍ ኢንግላንድ ኣንድ ወይልስ (Law Society) ብስልኪ 0870 3333 084 ተራኺብካ/ኪ ክሕተት ይክእል።

- መምርሒ ብዛዕባ ምግዳፍ ኑዛዜ
- መምርሒ ብዛዕባ ኣገዛዝእ ኣኣባይቲ
- መምርሒ ብዛዕባ ፍትሕ
- መምርሒ ብዛዕባ ጸገማት ስራሕ
- መምርሒ ብዛዕባ ኣጀማምራ ስራሕ
- መምርሒ ብዛዕባ ጥርዓን ግላዊ ማህሰይቲ
- መምርሒ ብዛዕባ ገንዘብ ንዓበይቲ
- መምርሒ ብዛዕባ ምስ ብጸይትኻ/ኪ ሓዳር ምጅማር
- መምርሒ ብዛዕባ ገዛ ምክራይ
- መምርሒ ብዛዕባ ገዛ ከመይ ገርካ ከምትካረ
- መምርሒ ብዛዕባ አጠቓቕማ ጠበቓ
- መምርሒ ብዛዕባ ወግዓዊ መረጋገጺ ዘለዎ ጽሑፍ ኑዛዜ ናይ ምግባር

**እዚ ጽሑፍ ብዓቢ ሕታም፤ ብብረይል፤ ብተይፕ፤ ብሲዲ ክርከብ ይከኣል። ነዚ ፍሉይ ትርጓሜ እንተደለኹም ብመርበብ ኢንተርነት accessibility@lawsociety.org.uk ወይ ብስልኪ 0870 606 2555 ተወከሱ።**

**እዚ ወረቀት ብካልእ ቋንቋታት ክርከብ ይክኣል ኢዩ። ስለዚ እንተደለኹም ብመርበብ ኢንተርነት www.lawsociety.org.uk ተወከሱ።**

Lexcel

Look for Lexcel - the mark of excellence

The Law Society 113 Chancery Lane London WC2A 1PL ቴለ: 020 7242 1222 www.lawsociety.org.uk

ቅኑዕ ዝኾነ ሓበሬታ ንምሃብ ፍሉይ ጻዕሪ እኳ እንተተገብረ እቲ ሕጊ በብግዚኡ ስለዝቅየር ንነፍሲ ወከፍ ከኣ ነናቱ ጉዳይ (ኣገባብ) ጽልዋ ስለዝገብር እዚ ጽሑፍ ንገሊኡ በብናቱ ምኽርታት ዘይቅየር ፍጹም ሓቂ መተካእታ ዘይብሉ ማለት አይኮነን። ኣብ አዋናዊ ዝኾነ ሕጊ ተወከስ።። ስለዚ አብዚ ጽሑፍ ምሉእ እምነት አሕዲርካ ንዝኾነ ሳዕበናቱ ንሕና ተሓተቲ ከምዘይኮና አቀዲምና ነፍልጥ።

Designed by dmlmarketing.co.uk Version 2, 2007 Your guide to claiming asylum - Tigrinya